# ስምምዕነትን ብሚስጢራዊ ዝተሓዝ

## ናይ ቪክቶሪያ መንእሰያት ንሓለዋ ጥዕና ምክንኻን ንምርካብ ምሕጋዝ

**ናይ ቪክቶሪያ መንግሥቲ መንእሰያት ንዘድልዮም ናይ ሓለዋ ጥዕና ደገፍ፤ ምኽሪን ሕክምና ብሙሉእ ንምርካቦም የረጋግጽ እዩ።**

**ናይ $43.8 ሚሊዮን ዶላር ዘውጽእ ንሀኪማት ኣብ ካልኣይ ብርኺ ቤት ትምህርቲታት ዘበረታትዕ ኣብ መንግሥቲ ምርጫ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ንምድላው ቃል ከምዝኣተወን እዚ'ውን ሓፈሻዊ ሓኪም(GPS)ኣብ100 ናይ ቪክቶሪያ ቤት ትምህርቲታት ንዞም ዘድልዮም ተማሃሮ ናይ ሕክምና ምኽሪን ሓለዋ ጥዕና ንምድላው እዩ። ከምኡ'ውን እዚ ስጕምቲ ኣድላይ እንተኾይኑ ንስራሕ ዚሰማማእ ዘመናዊ ክፍሊታት የዳልው እዩ።**

**ብዛዕባ በዚ ፕሮግራም ንምጥቃም ንዝተለምዱ ሕቶታት እዚ ጽሑፋዊ ፋምፍለት መልሲታት ይህብ እዩ።**

## ኣብዚ እዋን ብዛዕባ ስምምዕነት ዘሎ ሕጊ እንታይ እዩ?

**ብናይ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ሕክምና ምውሳድ ስምምዕነት ናይ ቪክቶሪያ ሕጊ ግልጺ እዩ::**

- ርእሶም ዚኻኣሉ መንእሰያት ብዛዕባ ናቶም ሕክምና ንምግባር ስምምዕነት ምሃብ ይኽእሉ።
- ርእሶም ዘይኻኣሉ መንእሰያት ብዛዕባ ናቶም ሕክምና ንምግባር ስምምዕነት ምሃብ ኣይኽእሉን እዮም።

በቲ ናይ ማሕበረሰብ ዝግበር ናይ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ኣሰራርሓ፤ ሓኪማት ኣብ ካልኣይ ብርኺ ቤት ትምህርቲ ፕሮግራም ናይ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ተሳትፎ ከምዝገብር፤ እዚ'ውን ርእሶም ንዚኻኣሉ መንእሰያት ንዘለዎም ናይ ሕክምና ድሌቶም ብኽብሪ መርመራ ምግባር እዩ።

## ዝበጽሓ ትሕቲ ዕድመ እንታይ ማለት እዩ?

**ዝበጽሓ ትሕቲ ዕድመ ማለት ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ብቕዓት ዘለዎ እሞ ነቲ ዘድልዮም ፍሉይ ሓለዋ ጥዕና ንምርካብ ብባዕሎም ይውስኑ። መደባዊ ስምምዕነት ንምሃብ መንእሰያት እንታይ ዓይነት ሕክምና ክወስዱ ከምዘለዎም፤ ንምንታይ ከምዝኾነ፤ ንምንታይ ከምዘድልዮምን ከም ውልቀሰብ ንምንታይ ኣድልይዎም ክርድኡም ኣለዎ። ከምኡ'ውን መንእሰያት በቲ ሕክምና ንዝመጽእ ሳዕቤን ጸገም ክፈልጡ ከምዘለዎምን ንካልኦት ዝዳለው መማረጺታት ከምኡ'ውን ነቲ ሕልምና ብዘይምክትታል ንዝመጽእ ሳዕቤን ክፈልጡ ኣለዎም።**

## ሓደ መንእሰይ ዝበጽሓ ትሕቲ ዕድመ ንምኳኑ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ብኸመይ ይግምግም?

**ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ንሓደ መንእሰይ ሕክምና ክህብ እንከሎ ኣብ ግምት ውሽጢ ዘእትዎም:**

- ዕድመ
- ብኻልእ ሕይወት ዘለዎም ኹነታ ዝበጽሓ ንምኳኑ ዘለዎ
- ተጽዕኖ ብዘይብሉ – ዋላ'እኳዕ ምስ ወላዲ ወይኻዓ ሓልየት ውሃቢ ዝነብሩ፤ ወይኻዓ ብባዕሎም ሓገዝ ዝገብሩ እንተኾይኖም
- ናይቲ ሕክምና ከቢድ ምኳን
- መንእሰይ ንምንታይ ሕክምና ምውሳድ ከምዘድልየ ምርዳእ፤ እንታይ ከምዘኻትት፤ ናይ ሕክምና መማረጺታት፤ ናይ ሕማቅ ዝኸይድ ነገራት ምርዳእ(ከም ካብ ፈውሲታት ዝፍጠር ጸገማት፤ ወይኻዓ ካልእ ምግርጫው)፤ ሕክምና ብዘይምውሳድ ንዝመጽ እ ሳዕቤን ምርዳእ ይኸውን።

## ውላደይ ብትሕቲ ዕድመ ዘይበጽሓ እንተኾይኑ እንታይ ይግበር?

**ኣብ ኻልኣይ ብርኺ ቤት ትምህርቲ ሓኪማት ፕሮግራም ዚምልከት ምስ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ቆጸሮ ከዳልው ዝደልየ ዝኾነ መንእሰይ ከምዝኽእል እዩ። እቲ መንእሰይ ናይ ሕክምና ዝበጽሓ ትሕቲ ዕድመ ዝሓቶ ብቑዕ እንተኾይኑ ብሓፈሻዊ ሓኪም/GP ይውሰን። እቲ መንእሰይ ዝበጽሓ ትሕቲ ዕድመ ብቕዓት ኣለዎ የብሉን ዝግበር ገምጋም ከምቲ ዝተፈላለየ ጉዳያት ክፈላለይ ይኽእል። ንኣብነት፡ መንእሰይ ንናይ ሕክምና ጸገማት ማለት ከም ኣስማ ንዘዓመሰለ ስምምዕነት ንምግባር ብቕዓት ክነብሮ ከምዝኽእል እቲ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ክውስን ይኽእል፤ የግዳስ ብዛዕባ ናይ ጸረ-ጭንቀት መድሓኒት ጥቅሚን ጉድዓት ንክዘራረብ ብቕዓት ከይነብሮ ይኽእል።**
**ውላድኻ ብትሕቲ ዕድመ ዘይበጽሓ እንተኾይኑ እሞ ቅድሚ ሕክምና ምርኻቡ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ንናትኻ ስምምዕነት ክረኽብ ኣለዎ።**

## ምስውላደይ ናብቲ ቆጸሮ ክመጽእ እኽእል'ዶ?

**እወ፡ ወላዲ ወይኻዓ ሓሌት ውሃቢ ተሳትፎ ንክገብሩ ይምረጽ፤ ውላድኻ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ክርእይ እንከሎ ነቲ ጉዳይ ምእንታን ክቆጻጸርዎ ወለዲ ወይኻዓ ሓሌት ውሃብቲ መረዳእታን ድጋፍ ብንሃብ ዋና ምንጪታት እዮም።**

## ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ንውላደይ ክርእዮ እንተዘይደሊየ እንታይ ይኸውን?

**ነዚ ጉዳይ ምስ ውላድኻን ቤት ትምህርቲ ንክትዘራረበሉ ይምረጽ። ብሓፈሽኡ ዕድሚኦም ንኻልኣይ ብርኺ ቤት ትምህርቲ ዝበጽሓ ተማሃሮ ንሓፈሻዊ ሓኪም/GP ንምርኣይ ክውስኑ ብቕዓት ከምዘለዎም እዚ'ውን በቲ ዘለዎም ጉዳይ ናይ ሕክምና ድሌት ንምውሳን ናይ ትሕቲ ዕድመ ብቕዓት ኣለዎም። ውላድኻ ብናይ ከባቢ ማሕበረሰብ ዘሎ ሓፈሻዊ ሓኪም ክርእይ እንከሎ እዚ ኣሰራርሓ ስርኣት ተግባራዊ ይኸውን።**

## ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ብናትይ ኹነታ ተሳትፎ ይገብር'ዶ?

ብናትኻ ተሳትፎ ዝግበረሎም ኣድላይ ዝኾኑ ብዙሓት ኹነታት ይነብሩ እዮም። ውላድኻ ዝበጽሓ እንተዘይኾይኑ፤ እቲ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ተሳትፎ ዝገብር ምስ ወላዲ ወይኻዓ ካልእ ሓላፍነት ዘለዎ ብዕድመ ዝበጽሓ ጐርዞ ይኸውን።

ብሓፈሻዊ ሓኪም/GP መርመራ ውላድኻ ንትሕቲ ዕድመ ዝበጽሓ እንተኾይኑ፤ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ንውላድኻ ንበይኑ ዘድልዮ ሕክምና ክህቦ ይኽል፤ ይኹን እምበር ኹልግዘ ሓልየት ክግበረሎም እንከሎ ምስ ውላድኻ ብሓባር ክትኸውን ናይቲ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ድሌት እዩ። መንእሰይ ናብ

ጕርዞ እንዳዓበዩ ክኸዱ እንከሎ እዚ ሙሉእ እምነትን ሓላፍነት ከሕድረሎም ለምዝሕግዝ፤ እሞ ብናትኻ ውላድ ሓለዋ ጥዕና ተሳትፎ ክትገብር እንከሎ ንናይ ውላድኻ ሓለዋ ጥዕና ሙሉእ እምነት ምሕዳር ምስ መጻእ መሰል መዓሮ ንክኸውን ኣብ ግምት ብመታው ይኸውን።

## ብዛዕባ ውላደይ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ንክርእይ መበገሲ እንታይ ዓይነት ኻልእ ኮነታት ኣሎ?

**ውላድኻ ሕክምና ንምውሳድ ብናይ ትሕቲ ዕድመ ዝበጽሓ ንምኳኑ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP እንተወሲኑ፤ ንዝሀብዎ ናይ ሕክምና ሓበሬታ ብጀኻ ውላድኻ ነቲ መረዳእታ ክወጽእ እንተፈቂዱ ወይኻዓ ብሕጊ እንተደሊዩ እቲ ሓበሬታ ብምስጢራዊ ክትሓዝ ከምዘለዎን ንኻልእ ኣሕሊፍኻ ምሃብ ኣይፍቀድን።**

**ናይ ጥዕና ዚምልከት መረዳእታ ኣውጺእኻ ንኻልእ ንምሃብ ዝፍቀድ ወይኻዓ ብሕጊ ኣድላይነት ምሳለታት በዚ ዝስዕብ ይርኸቡ:**

- መረዳእታ ንክወጽእ ብውላድኻ ስምምዕነት።
- እቲ ዚወጽእ መረዳእታ ብሕዝቢ ሓለዋ ጥዕና፤ ድሕንነት ወይኻዓ ገባረ ሰናይ ከቢድ ጽልዋ ከይፈጥር ምክልኻል ኣድላይ እዩ – ንኣብነት፡ መንእሰይ ብናይ ሓለዋ ጥዕናን ሰብዓዊ ኣገልግሎት መምርሒ ግድን ክፍለጥ ዝግባእ ሕማም ኣለዎ።
- ከቢድ ጸገማት ንምክልኻልን ንዝኾነ ሰብ ሓለዋ ጥዕና፤ ድሕንነት ወይኻዓ ገባረ ሰናይ ከቢድ ጽልዋ ከይፈጥር ነቲ መረዳእታ ኣውጺእኻ ንኻልእ ምሃብ ኣድላይ እዩ፡
- ንኣብነት:
- መንእሰይ ንባዕሎም ኣብ ሕማቅ ጸገም ውሽጢ ከምዘለዉ።
- መንእሰይ ንኻልእ ሰብ ጕድዓት ከብጽሕ ኣብ ሕማቅ ጸገም ውሽጢ ከምዘሎ።

ብዞም ብሕታዊ ዕቃበ ግዴታ መሰረት ብጀኻ ውላድኻ ፍቃድ እንተሂቡ ወይኻዓ ሓደሓደ ሕጋዊ ምክንያታት እንተዘይሃልዩ ውላድኻ ናይ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ክርእይ እንከሎ እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛ ንዘለኻ መረዳእታ ኣውጺኡ ንሓኪም ክህብ የብሉን።

## ውላደይ ናይባዕሉ መዲኬር ካርዲ መዓዝ እዩ ክረክብ ዝኽእል?

**መንእሰይ ዕድሚኦም15 ዓመት ክኸውን እንከሎ ናይባዕሎም መዲኬር ከምልክቱ ይኽእሉ። ንናይ ማመልከቻ ቅጥ ዒ ክመልኡ ከምዘለዎምን መለለዪ ባጤራ ማለት ከም ናይ ተማሃራይ ካርዲ ወይኻዓ ናይ ልደት ወረቀቲ ምስክር፤ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ካብ ካልእ ዘማሓላለፍዎ ካርዲ እንተሃልዩ ዝርዝር መረዳእታ ምሃብ የድሊ እዩ።**

## ናይ ውላደይ ሕክምና ሪኮርዲ ኣበይ ይቅመጥ?

**ናይ ሕክምና ሪኮርዲታት ዝቅመጦ በቲ ዚሳተፍ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ዘሎ ክሊኒክ ይኸውን።**

## ውላደይ እንተደሊዩ ብሓፈሻዊ ሓኪም/GP ናብ ኻልእ ሓለዋ ጥዕና ኣገልግሎታት ምልኣኽ ይኽእል'ዶ?

**እወ፡ በዚ ፕሮግራም ከም ሓደ ኣካል ናብ ኻልእ ሰበሙያተኛ ምልኣኽ ጠቃሚ ከምዝኾነ ይጽበይ። ናይ ቤት ትምህርቲ ፕሮግራም ኣመራርሓን ነርሲ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ከምኡ'ውን ምስ ውላድኻ ብሓባር ይሰርሑ እሞ ውላድኻ ናብ ዝኾነ ሞያተኛ ምልኣኽ እንተደሊዩ ሓገዝ ብምሃብ ይድግፉ እዮም። ከምኡ'ውን ብሓደሓደ ጉዳያት በዞም መልእኽቲ ውሽጢ ናይ መማክርቲ ክውሃብ ይኻኣል እዩ።**

## ውላደይ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP እንተሃልይዎስ እንታይ ይግበር?

**ኣብዚ እዋን ውላድኻ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP እንተሃልይዎ፤ የግዳስ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ሓፈሻዊ ሓኪም/GP ክርእይ እንተደሊዩ እሞ እቲ ናይ ውላድኻ ሕክምና ሪኮርዲ ክተሓላለፍ ይኽእል። እዚ ዘርእዮ ኣብዚ እዋን ብናይ ሙሉእ ማሕበረሰብ እንታይ ከምዝውሰድ እዩ። እዚ ጥቃሚን ከተባባዕ ዝግብኦ ከምዝኾነ፤ ስለዙይ ንመንእሰይ ዚርእዩ ሓለዋ ጥዕና ውሃብቲ ኩሎም በቀጻሊነት ምክንኻን ይመሓየሽ እዩ።**
**ውላድኻ ትሕቲ ዕድመ ዝበጽሓ እንየኾይኑ፤ ናቶም ሕክምና ሪኮርዲ ናብ ካልእ ንክማሓላለፍ ስምምዕነት ምሃብ ይኽእሉ።**
**ውላድኻ ትሕቲ ዕድመ ዝበጽሓ እንተዘይኾይኑ፤ ናይ ውላድኻ ሕክምና ሪኮርዲ ናብ ኻልእ ንክማሓላለፍ ስምምዕነት ምሃብ ትኽእል።**

## ሓፈሻዊ ሓኪም/GP እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት ከምዝህብ?

**ኣብ ኻልኣይ ብርኺ ቤት ትምህርቲታት ናይ ሓኪማት ፕሮግራም ውሽጢ ናይ ሓፈሻዊ ሓኪማት/GPS ተሳትፎ ከምዝገብሩ፤ እሞ ኣብ ማሕበረሰብ ውሽጢ ከምዘሎ ሓፈሻዊ ሓኪማት/GPS ተመሳሳሊ ዝኾነ ኣገልግሎታት ማለት ከም ኣካላዊ ሓለዋ ጥዕና፤ ኣእምሮ ጥ ዕና፤ ከምኡ'ውን ናይ ግብረስጋ ርክቢን ናይ ምውላድ ምፍራይ ሓለዋ ጥዕና ጉዳያት ዚምልከት ዘጠቃለለ እዩ።**

**ንዝበለጸ መረዳእታ በጃኹም በዚ ዝስዕብ ምጉብናይ:**
[http://www.education.vic.gov.au/about/programs/health/pages/doctors-secondary-schools.aspx](http://www.education.vic.gov.au/about/programs/health/pages/doctors-secondary-schools.aspx)
ወይኻዓ ንሓኪማት ኣብ ኻልኣይ ብርኺ ቤት ትምህርቲታት ብኢሜል: [doctors.in.schools@edumail.vic.gov.au](mailto:doctors.in.schools@edumail.vic.gov.au) ምስዝኾነ ሕቶታት ምልኣኽ።